# ISANS Client Privacy Policy
# ብሕታዊ ፖሊሲ ዓማዊል ማኣመኖስ

ማሕበር ኣገልግሎት መጻእተይና ኖቫ ስኮሻ (ማኣመኖስ) - ምስ ናይ ምምሕዳር ማኣመኖስ ኣብ ዘሎ እዋን ዝእከብ ብሕታዊ ሓበሬታ ዓማዊልን ቀረብ ኣገልግሎት ዓማዊል ንምዕቃብ ዝተወፈየ እዩ።

እዚ ብሕታዊ ፖሊሲ ቀንዲ መምሪሒታት ማኣመኖስ ዕቃብ ናይ ኩሉም ዝእከቡ ብሕታዊ ሓበሬታት ዓማዊል ምስ ናይ **ሕጋጋት ዕቃበ ብሕታዊ ሓበሬታን ኤለክትሮኒካዊ ሰነዳትን** (ሕዕብሓኤስ) (www.priv.gc.ca/leg c p e.asp) ዝተወሃሃደ እዩ።

ገጽ 4 ናይ'ዚ ሰነድ'ዚ ኣብ ክንዲ ቤ/ጽ መጻእተናታት ኖቫ ስኮሻ ዝቐረበ እዩ። ከም ዘንበብካዮ/ክዮ ንምርግጋጽ ድማ ክታምካ/ኪ ኣገዳሲ እዩ።

## ጽሚቕ ናይ'ዚ መምርሒታት

1. **ተሓታትነት** - ኣብ ቁጽጽሩ ንዝርከብ ብሕታዊ ሓበሬታ ማኣመኖስ ሓላፍነቱ'ዩ፣ ክፍሊ መሪሕነት ማኣመኖስ ድማ ኣባላቱ ሕዕብሓኤስ ከኽብሩ ክቆጻጸር ሓላፍነቱ እዩ። እዚ ናብ ሳልሳይ ኣካል ዝመሓላለፍ ወይ ድማ ኣብ መስርሕ ኣገልግሎት ዓማዊል ዝርከብ ብሕታዊ ሓበሬታ የማልእ።

2. **ዕላማታት ናይ'ዚ ምእካብ**- ምእካብ ሓበሬታ ኣብ ዝተደለይሉ እዋን ወይ ቅድሚኡ ማኣመኖስ ዕላማ ናይ'ዚ ምእካብ ብሕታዊ ሓበሬታ ይፈልን ይዘራረብን ። ማኣመኖስ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ቢሉ ናይ ዓማዊል ብሕታዊ ሓበሬታ ክእክብ፣ ክጥቀመሉን ክገልጾን ይኽእል።
   - መስርሕን ዳግመ ምርኣይን ምዝገባ ዓማዊልን።
   - ግምገማ ኩለንትናዊ ዓወትን ኣገልግሎታትን ክምኡ'ውን ኣገልግሎት ዝምዕብለሉ ሓባራዊ ሓበሬታ ስታቲስቲክስ ንምምዕባልን ንምቁጽጻርን።
   - ናይ መኽዘን ሓበሬታ (data base) ዓማዊል ማኣመኖስ ምፍጣርን ምዕቃብን።
   - ምርጫታትን ድሌታትን ዓማዊል ከማልኡ ኣገልግሎታትን ወሃብቲ ኣገልግሎታትን ምልላይ።
   - ብሕጋዊ ረቛሒታት ምቕያድ።
   - ብረቛሒታት መወልቲ ምቕያድ። መድባትን ኣገልግሎታትን መኣመኖስ ብዘባውን ብፈደራላውን መንግስታትን ብክልቲኡ ዝምወል እዩ። ምስ ዘባ'ውን ፈደራላውን መንግስታት እንካፈሎ ሓበሬታታት ካብ ዓማዊልና ክንእክብ ድማ ንግደድ። ብማኣመኖስ ዝእከብ ሓበሬታ ብስርዓት ሕዕብሓኤስ ተኣኪቦም ንመወልቲ እንክመሓላለፉ ሕጊ ዕቃበ ነጻነት ብሕታዊ ሓበሬታ ኖቫ ስኮሻን (ሕዕነብሓኖስ) (http://novascotia.ca/just/iap/) ሕጊ ኣህጉራዊ ዕቃበ ምግላጽ ብሕታዊ ሓበሬታ ኖቫ ስኮሻን (ሕኣዕምብሓኖስ) (http://nslegislature.ca/legc/statutes/perinf.htm) ኣብ ግብሪ ይውዕል።

3. **ፍቓድ** ማኣመኖስ ኣብ እዋን ምእካብ ሓበሬታ ወይ ድማ ቅድሚኡ ካብ ዓማዊል ብግሁድ ወይ ብዘይግሁድ ብዝረኸቦ ፍቓድ ብሕጊ ኣብ ዝተፈቕደ ይጥቀመሉ።

**ግሁድ ፍቓድ** - ብጽሑፍ ወይ ብቓል ኮይኑ ኣብ መንነ ዓሚልን ናይ ማኣመኖስ ሰራሕተይናን ዝተመስረተ እዩ።

**ዘይግሁድ ፍቓድ** - ካብ ናይ ዓሚል ፍጻሜታት ወይ ድማ ካብ ናይ ሓደ ፍሉይ ኩነት መርትዖ ዝስዕብ እዩ።

- እቲ ግሉጽ - ብጽሑፍ ዝተሰነየ ፍቓድ ዓሚል - ማኣመኖስ ቅድሚ ዛንታታትን ኣሳእልን ብሕታዊ ሓበሬታ ዓሚል ኣብ መርበብ ሓበሬታና (website) ወይ ድማ ኣብ ኣብ ናይ ሓበሬታ መስመር (online) ምክፋልና ዓመታዊ ጸብጻብ ማኣመኖስ ዝሓዘ ናይ ጽሑፍ ሕታም፣ የድሊ።
- ሓደ ሰብ ከም ናይ ማኣመኖስ ዓሚል ምስ ተመዝገበ ናይ ዓሚል ናይ መዝገብ ቅጥዒ ይመልእ። ነዚ ዝስዕብ ኣንቢቦም ፍቓደኛታት ምዃኖም ብጽሑፍ ይገልጹ።

| |
|---|
| ኣብ መስርሕ ምጥያስካ መታን ክሕግዘና ንሕና ምስ ካልኦት ትካላት ብፍላይ ምስ መወልትና ሓበሬታ ክንወሃሃብ ግዴታና'ዩ።<br>ነዚ ዝስዕብ “እወ” ብምባልካ/ኪ፣ ናትካ/ኪ ሓበሬታ ምስ መወልትናን ኣብ መስርሕ ምጥያስ ዝተሓጋገዙና ሳልሳይ ኣካል ትካላትን ከነካፍል ፍቓድካ ኣለና። ሓበሬታኻ ከነካፍል ትሰማማዕ ዲኻ?<br>እወ/ኣይፋል |

- ዓማዊል ብሕታዊ ሓበሬታኦም ንማኣመኖስ ምሃብ ፍቓደኛታት ዘይኮኑ ይኽእሉ እዮም። ሳዕቤናት ምሕሳሞም ንማኣመኖስ ዘቕርበሎም ኣገልግሎታት ዘስዕቦ ኣብ እዋኑ ክግለጸሎም'ዩ።

ዓሚል ኣብ ዝኾነ እዋን ፍቓድ ምክፋል ብሕታዊ ሓበሬታ ኣብ ማኣመኖስ info@isans.ca ብምሕባር ከቋርጾ ይኽእል። ንኣሳልጦ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት ከፍቅድ ኣለዎ።

- ትሕቲ 19 ዝዕድሜኦም ዓማዊል ማኣመኖስ፣ ወለዶም ወይ ድማ ናበይቶም ኣብ ክንድኦም ብጽሑፍ ፍቓድ ክህቡ ይኽእሉ።

4. **ገደብ ምእካብ** - ዝእከብ ብሕታዊ ሓበሬታ ብማኣመኖስ ንዝተነጸሩ ዕላማታት ዝውዕል ምኽንያታዊ መታን ክኸውን ማኣመኖስ ኩሉ ዝከኣሎ ጻዕርታ የካይድ።

5. **ገደብ ምጥቃም ፣ ምግላጽን ምዕቃብን (ምሓዝን)** - ዝተኣከበ ብሕታዊ ሓበሬታ ብጀካ ብፍቓድ ዓሚል ወይ ሕጊ ዝእዝዞ ካብቲ ዝተኣከበሉ ዕላማ ወጻኢ ንከይውዕል ወይ ከይግለጽ ማኣመኖስ ምክንያታዊ ዝኾነ ኩሉ ጻዕርታት የካይድ። ማኣመኖስ ናብ መሻርኽቱ ዝኾና ትካላትን ወሃብቲ ኣገልግሎት ዓማዊል ዝተመሓላለፈ ብሕታዊ ሓበሬታ ብዝኣተዎ ውዕል ወይ ድማ ኣኻልእ ኣገባብ ይዕቅቦ። ዓማዊል ዝሃብዎ ብሕታዊ ሓበሬትኦም ኣብ ምንታይ ከምዝውዕል info@isans.ca መብርሂ ክረኽቡ ይኽእሉ።

6. **ምሓዝ ቅኑዕ ሓበሬታ** - ማኣመኖስ ንብሕታዊ ሓበሬታ ብዝተኻእለ መጠን ቅኑዕ፣ እዋናውን ምሉእን ጌሩ ይሕዞ።

7. **ሓለዋን ምክልኻልን** - ማኣመኖስ ብሕታዊ ሓበሬታ ዝትዓቀበሉ ኣገባብ ብዘየገድስ፣ ካብ ጸረ ምጥፋእ፣ ስርቂ፣ ዘይብዓል-መዚ ከይርእዮ፣ ከይግለጽ፣ ከይቅዳሕ፣ ኣብ ዘይግቡእ መዓላ ከይውዕል፣ ምምሕያሽ ከይግበረሉ ብቑዕ ሓለዋን ምክልኻልን ይገብር። ኩሉ ናይ ዓማዊል ብሕታዊ ሓበሬታ በዓል-መዚ ማኣመኖስ፣ ስርሖም ብግቡእ ንምስላጥ ሰብ-መዚ ወሃብቲ ኣገልግሎት ምጥያስ ዓማዊል ብመስመር (ኢንተርነት) ወይ ድማ ንዓማዊል ማኣመኖስ ኣገልግሎት ንመሃብ ክረአ ይኽእል።

8. **ግሉጽነት**- ምስ ኩሎም ሓደስቲ ዓማዊል እንካፈሎ ብሕታዊ ፖሊሲ ዓማዊል ማኣመኖስ ኣብ መርበብ ሓበሬታና ኣሎ። ብinfo@isans.ca ድማ ክርከብ ይኽእል።

9. **ምርኣይ ብሕታዊ ሓበሬታ**- ብሕጊ ዝእዘዙ ገደብ ሕድገታትን ካብ ዓሚል ብጽሑፍ ፍቓድ ድሕሪ ምርካብን ማኣመኖስ ህላዌ፣ ጥቕምን ግሉጽነትን ብሕታዊ ሓበሬታኦም ንዓማዊል ይሕብሮምን ከም ዝርእይዎ ይገብርን። ዓሚል ድማ ቅኑዕነትን ምልኣተ-ሓበሬታን ናይ ምብዳህ መሰል ኣለዎ። ኣብቲ ቅኑዕነት ዘይብሉ ድማ ጥብቆ (ምትዕርራይ) ክግበር ይኽእል።

10. **ቅሬታ መስርሕ** - ዓማዊል ማኣመኖስ ኣብ ዕቃበ ብሕታዊ ሓበሪታኦም ዘለዎም ስክፍታ ብናይ ቅሬታ መስርሕ ዓማዊል ማኣመኖስ ወይ ድማ ኣብ info@isans.ca ኢመይል ብምልኣኽ ክገልጹ ይኽእሉ።

11. **ካብ ዓሚል ፍቓድ ከይረኸብካ ዝግበር ምክፋል ሓበሬታ** - ማኣመኖስ ብሕታዊ ሓበሬታ ዓማዊል ከካፍሉ ፍቓድ ዘይደልይሉ እዋን ኣሎ። እዞም ዘይልሙድ ድማ፣

- ዓንቀጽ 23 ሕጊ ኣገልግሎት ቆልዑትን ስድራቤታትን ከምዚ ይብል፣ “ ንቆልዓ ኣገልግሎት ሓለዋ ዘድልዮ እንተኮይኑ ዝኾነ ሰብ ምስጢር ወይ ብሕጊ ሚስጥራዊ (ሓለፋ) ዝኾነ ሓበሬታ እቲ ቆልዓ ኣገልግሎትሓለዋ ከምዘድልዮ ንወከልቲ (ኣማኸርቲ) ትካላት ጸብጻብ ከቕርብ ይግደድ።”
- ዓንቀጽ 5 ሕጊ ዕቃበ ኣገልግሎት ዓበይቲ ከምዚ የቕርብ፣ “ንዓብይ ኣገልግሎት ሓለዋ ዘድልዮ እንተኮይኑ ዝኾነ ሰብ ምስጢር ወይ ብሕጊ ሚስጥራዊ (ሓለፋ) ዝኾነ ሓበሬታ ዘለዎ ነቲ ሓበሬታ ንሚኒስትር ኮማዊ ኣገልግሎታት ብዝተሸሙ ሓለፍቲ ጸብጻብ ከቕርብ ይግደድ።”
- ነብሰ-ጉድኣት ወይ ድማ ኣብ ካልኦት ስክፍታታት ትፈጥር እንተኮይንካ ዝኾነ ደረጃታት ጉድኣት ከይጋጥሙ ማኣመኖስ ሕጊ ዝእዝዞ ወይ ድማ ሕጊ ዘፍቕዶ ደረጃታት ኩሉ ይወስድ።
- ብዳኛ ዝተዋህበ መጸዋዕታ ቤት ፍርዲ ማኣመኖስ ብሕታዊ ሓበሬታኻ/ኺ ክፍኑ፣ ሰራሕተኛ ማኣመኖስ ወይ ድማ ፍቓደኛታት ሰራሕተይና (volunteer) ኣብ ቤት ፍርዲ ክምስክሩ ከገድድ ይኽእል'ዩ።

12. **ጥብቆ ናይ'ዚ ብሕታዊ ፖሊሲ** - ንናይ ማኣመኖስ ብሕታዊ ፖሊሲ ዝምልከት ዝኾነ ምቅይያራት ኣብ ናይ ማኣመኖስ መርበብ ሓበሬታ ክወጽእ እዩ።

ብክብረትካ/ኪ ነዚ ዝስዕብ ካብ ቤ/ጽ ናይ መጻእተናታት ኖቫ ስኮሽ ኣንቢብካ/ኪ እቲ ሓሳባቱ ከምዝተረደኣካ/ኪ ኣብ ታሕቲ ክታም ግበር/ሪ።

ኖቫ ስኮሻ

ኣገልግሎት ምዝገባ ውሽጣዊ ቅጥዒ
ማሕበር ኣገልግሎት መጻእተይና ኖቫ ስኮሻ (ማኣመኖስ)

**ምእካብ፣ ምጥቃምን ምግላጽን ብሕታዊ ሓበሬታ**

ብክፍሊ ዕዮን ምዕቡል ትምህርትን፣ ብኮማዊ ኣገልግሎታት ከምኡውን ቤ/ጽ ኢምግርሽን ዝዳሎ መደባት ዕዮ ዕዳጋ መንግስቲ ኖቫ ስኮሻ፣ ብመምርሒታት ሕጊ ዕቃበ ነጻነት ብሕታዊ ሓበሬታ ኖቫ ስኮሻን (ሕዕነብሓኖስ) ይቕየድ። እዚ ሕዕነብሓኖስ ትርጉም ብሕታዊ ሓበሬታ ይገልጽ። በቲ ሕጊ ካብ ዝግለጽ ሓበሬታ ተወሳኺ፣ ካልኦት ብሕታዊ ሓበሬታታት ፣ ዕለተ ልደት፣ ፍቓድ/መእተዊ ኣድራሻ ኢንተርነ፣ ኣድራሻ ኢመይል፣ ካልኦት ብመደባትና ኣገልግሎታትናን ዝተኣከቡ ሓበሬታታት የጠቓልል።

ዝተእከበ ብሕታዊ ሓበሬታ ብስርዓት ምርእይን ናይ ብሕታዊ ኣገልግሎትን ናይ ኖቫ ስኮሻ ብሕጊ ዕቃበ ነጻነት ብሕታዊ ሓበሬታ ኖቫ ስኮሻን (ሕዕነብሓኖስ)፣ ሕጊ ኣህጉራዊ ዕቃበ ምግላጽ ብሕታዊ ሓበሬታ ኖቫ ስኮሻን (ሕኣዕምብሓኖስ) ትጥቀመሉን ይግለጽን። ኣገልግሎታትና ኣብ ትረኽበሉ ወይ ድማ መድባትና ኣብ ትጥቀሙሉ እዋን ዝተኣከበ ብሕታዊ ሓበሬታ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብካ ጥራሕ ንጥቀመሉ። ንኣብነት ንምዝገባ ኣብ ኣገልግሎታትና ወይ ድማ ብቕዓትካ ንኣገልግሎታትና ንምውሳን .... ወዘተ
ዕላማታት መደባትና ወይ ድማ ኣገልግሎታትና ንምምላእ ጥራሕ በቲ ዘድሊ ዓቕንን ክሳብ ሕጊ ዝእዝዞ ወይ ድማ ሕጊ ዘፍቅዶ እንተዘይኮይኑ፣ ብሕታዊ ሓበሬታኻ/ኺ ንትካላት ወይ ንውልቀሰባት ኣይንገልጽን ኢና።

ኣብ ውሽጢ እዞም መደባት ወይ ድማ ኣገልግሎታት እዞም ክፍልትታት፣ ገለ ስርሓት ብግዳማዊ ወሃብቲ ኣገልግሎታት ዝቐርቡ እዮም። ኩሎም ኣብ ክንዳና ኮይኖም ኣገልግሎታት ዘቕርቡልካ ግዳማዊ ወሃብቲ ኣገልግሎታት፣ መድባትና ዝእዝዞ ብቑዕ ብሕታዊ ፖሊሲን ብናይ ምሃብ ኣገልግሎት ግዜን ክቕየዱ ኣለዎም.

ኣብ ትሕቲ ምሃብ ኣገልግሎት ሕጊ ዕቃበ ነጻነት ብሕታዊ ሓበሬታ ኖቫ ስኮሻ (ሕዕነብሓኖስ)፣ ውልቀሰባት ብሕታዊ ሓበሬትኦም ናይ ምርኣይን ምኣረምታ ናይ ምግባርን መሰል ኣለዎም።

ብሕታዊ ሓበሬታኻ ንምርኣይ ወይ ምኣረምታ ንምግባር ክፍሊ ብሕታዊ ኣገልግሎትን ፍቓድ ሓበሬታን ብኢመይል IAPServices@novascotia.ca ወይ ተሌ፣ (902) 424-2985 ወይ 1-844-424-2985 ምውካስ ይከኣል።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ንምእካብ፣ ምጥቃምን ምግላጽን ብሕታዊ ሓበሬታይ ዝምልከት ከም ዘንበብክዎን ዝተረዳእክዎን ኣረጋግጽ ኣለኹ።

ስም ዓሚል፣______________________________ ቁጽሪ ማሕበራዊ መድሕን____________

ክታም ዓሚል፣ ____________________________ ዕለት ______________________